Frühförderung
**Stadt Bern**




# Deutsch lernen vor dem Kindergarten

primano

## ጀርመንኛ ምምሃር ቅድሚ መዋእለ ህጻናት

ከተማ በርን ኩሉም ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ዝበለጹ ዕድላት ንክህልዎም የእንፍት። ዕዉት ዝኾነ ኣጀማምራ ትምህርቲ ክህሉ ድልዱል ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ኣድላዪ እዩ። "ጀርመንኛ ምምሃር **ቅድሚ** መዋእለ ህጻናት" ዝብሃል ደጋፊ ፕሮግራም ንጀርመንኛ ቀሩብ ዝዛረቡ ወይ ፈጺሞም ዘይዛረቡ ቆልዑ ይሕግዞም እዩ።

### ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ናይ ቆልዓኹም ብኸመይ እዩ ዝውሰን፧

ከም ወለዲ 18 ኣዋርሕ ቅድሚ መእተዊ መዋእለ ህጻናት ናይ ቆልዓኹም ብቡስጣ ደብዳበ ክስደደልኩም እዩ። እቲ ደብዳበ ናብ ቀጥዒ መሕተት ዝወስደኩም ኢንተርነት ኣድራሻ ክህክልዎ እዩ (ብ12 ቋንቋታት ዝርከብ)። ብኸምኡ ፍልጠት ጀርመንኛ ናይ ቆልዓኹም ባዕልኹም ክትግምግምዎ ትኽእሉ። እቲ ቀጥዒ መሕተት ብስቱር ክተሓዝ እዩ ከምኡ'ውን ኣብቲ ናይ ከተማ ኣገልግሎት ጥዕና (ምዕባለ ብኣጋኡ primano) ክስራሕ እዩ። ቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ጀርመን ደገፍ ዘድልዮ እንተኾይኑ ኣብቲ ግምገማ ሽዑ ክረአ እዩ። ብዝኾነ ጉዳይ ካባና መልሲ ክትወሃቡ ኢኹም።

### ቆልዓኹም ኣበይ ጀርመንኛ ክመሃር ይኽእል፧

ቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ደገፍ ዘድልዮ እንተኾይኑ ፣ ንመእተዊ መዋእለ ህጻናት ኣብ ኪታ(መእለዪ ቆልዑ) ወይ ኣብ ናይ ጸወታ ጉጅለ ክኸይድ ይኽእል። ኣብኡ ቆልዓኹም ብጸወታ ጀርመንኛ ክመሃር እዩ። እቲ ከተማን ክፍለ-ሃገርን (ካንቶን) ኣብ ምምዋል ክሕግዙኹም። እቲ ናይ ወለዲ ደጋፊ ክፍሊት ኣብ ደሞዝኩም እዩ ዝምርኮስ።

### ከም ወለዲ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም፧

ነቲ ቀጥዒ መሕተት በቲ ኣብ ናይ ወለዲ ደብዳበ ዘሎ መምርሒ ምልእዎ። እቲ ናይ ወለዲ ደብዳበ ኣብ ጥሪ ክትወሃቡ ኢኹም፣ ቆልዓኹም ኣብ ነሓሰ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ኣብ መዋእለ-ህጻናት ምስዝኸይድ። ቆልዓኹም ዋላ ድሮ ኣብ ኪታ ወይ ናይ ጸወታ ጉጅለ ዝኸይድ እንተኾኑ ነቲ ቀጥዒ መሕተት ብኽብረትኩም ምልእዎ ።

### እዚ'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፦

መበቈላዊ (ቀዳማይ) ቋንቋ ነቲ ብኣጋኡ ዝፍጸም ቋንቋዊ ትምህርቲ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ከም ወለዲ ኣገዳሲ ሓገዝ ንምዕባለ ቋንቋ ቆልዓኹም ከተቖርቡ ኢኹም፣ እንድሕር ደኣ ብዙሕ ብመበቈላዊ ቋንቋኹም ትዛረብዎን ትጻወትዎን፣ ዛንታታት ትነግርዎ ወይ ምስኡ ግጥምታት ትመሃሩ ኮይንኩም። **እዚ እቲ መሰረት ንዝኾኑ ተወሰኽቲ ቋንቋታት እዩ።**

### ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክትረኽቡ ኢኹም፧

www.primano.ch/deutsch-lernen






**Gesundheitsdienst der Stadt Bern**
Frühförderung primano
Monbijoustrasse 11, 3011 Bern
079 900 18 69